# ክታበት ኮቪድ-19



## እዚ ክታበት ካብ ምንታይ ይከላኸል፧

እዚ ክታበት ኮቪድ-19 ቫይረስ ካብ ዝመጽእ ሕማም ኮቪድ-19 ይከላኸል።


## እዚ ክታበት መን ክወስዶ ኣለዎ፧



ክታበት ሞደርናን ፋይዘርን ኤክስቢቢ.1.5 ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኣልበርታ እንኮ ክታበት ኮቪድ-19 ኮይኖም፡ ንውልቀሰባት ዕድሚኦም 6 ወርሕን ልዕሊኡን ከመኡ ድማ ተጻራሪ ምልክት ንዘይብሎም፣ ክታበት ኮቪድ-19 ይወሃብ።

## እዚ ክታበት ክወስዶ ዘይብሉ መን እዩ፧

ንገለ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣለርጂ ምስትከዉን ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ወይ ገለ ክፋሉ ምስወሰድካ ከቢድ ወይ ዘይልሙድ ጎናዊ ሳዕቤናት ገርልካ ዝፈልጥ እንተኮይኑ ነዚ ክታበት ክትወስዶ ኣይግባእን።



## እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ:

እቶም ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማትን ግዝያውያንን ኮይኖም ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ምቕያሕ፡ሕበጥ፡ቃንዛ፣ ብኽያት፣ ድኻም፣ ቁጥዐ፣ ሰዓል፣ ሽውሃት ምግዳል ወዘተ የጠቓልሉ። ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ክፋል ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ። ንረስኒ ወይ ቃንዛ ንምቊጽጻር ከም ኢቡፕሮፈን ወይ ኣሰታሚኖፈን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

---

**ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ ትኽእሉ፡**

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (**Health Link**) **811** ደውሉ፡
- ናብ መስመር ቴሌፎን **AIMGA's Multilingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062** ደዉሉ፡
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ (**primary care network**) ተወከሱ፡
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን ሓገዝ ንምርካብ ኣብዚ ብምጥዋቅ **booking.aimga.ca** ቆጸራ ሓዙ።

AIMGA Alberta International Medical Graduate Association

19 TO ZERO UNITED AGAINST COVID-19

Public Health Agency of Canada | Agence de la santé publique du Canada

ACTION FOR HUMANITY